# 8 መጋቢት

*ሸሞንተ መጋቢት ናይ ዕዉታት መዓልቲ*
*ርሑቕን ቀረባን ዘሎኽን ዓልሳላ ነዛ መዓልቲ :*
*እንቋዕ ኣራኸበና ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ*
*ሓደ እተደመሮ ሓደ ይብሉ ሓደ ሊቃውንቲ*
*ንዘንትዕለት ኣዳቢት ኣሳሳኒት ሰላም ንጥንቲ :*

*ሾሞንተ መጋቢት : ኣይትረሰዐትን ብስልቲ*
*ስርዕቲ ካብ ኣዳምን ሄዋንን ብጥንቲ*
*ቃል ኣቦዋት ዝነገረዎ እንተላይ መስረቲ*
*ንቡር ኣኹሊዕን ብሓባር ሰቲረናኣ ነዛ መዓልቲ*
*ስርዕእትን ማዕርነት ወዳኒት ንመሰል ንርስቲ :*

*እሱን ንሳን ሓደ ሊቢ : ማዕርነት ኣብ መሰል ርስቲ*
*እወ ! ኣደ'ቶም ጀጋኑ : ትወልድ ብዕትብቲ*
*ውዒላቶ ንመሰላ : ኮይና ናይ ዓወት መላፍንቲ*
*ድሕሪ ባይታን ስርዓትን : ዝነግርሉ እቶም መስረቲ*
*ጣቋኣ ብልሓታ ዝንገረሉ : ዘጽረዮም ከም መኹባዕቲ :*

*እናሓደረ ዝጥቁ : ናይ ሓባር ስጉሚ*
*እና ሓደረ ዝሰስን ብመንእሰይ ተራዓሚ*
*ኣንስታይ ክሸበት ተሳዒራ : ሕሱም ስልሚ*
*ሃ.ማ.ደ.ኤ. ነቒሐናሉ  : ሰጉሚናሉ ኽሰርጽ ንሕጊ ተላሚ*
*ህዝቢ ተቐቢሉዎ : ብጐስጓስ ሕጊን ስርዓትን ኣርዓሚ :*

*ሰብኣይ ምስ ኣበይቲ : እንቋዕ ኣራኸበና*
*ቤትና በረኸትን ሰላምን ደስታን ይሰስነልና*
*ፍቕሪ : ዉሉድን ወላዲን ኣርዓሙ የሰማምዓና*
*መውሰቦ : ሓደን ሓደን : ይኸውን ሓደ የጽንዓልና*
*ይመስገን : እቲ ኣብ ሾሞንተ መጋቢት የሕቢሩ ዘውዓለና ::*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ዘካርያስ ተስፋጽዮን ( እምባ ሙኟን )*
*ከተማ ማንሃይም ጀርመን23.02.2018*